# *10 ይ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ*
# *ኣገደስቲ ውሳነታትን ለበዋታትን ብምሕላፍ ብዓወት ተዛዚሙ*




*እቲ ስሙር ሱግሚ ንሓያል ውዳበ ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ ኣብ ስዊዘርላንድ ካብ 17 ክሳብ 21 ሚያዝያ ኪቃናዕ ዝጸንሐ 10 ይ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ ኣገደስቲ ውሳነታትን ለበዋታትን ብምሕላፍ ብዓወት ተዛዚሙ።*

*እቲ ነቶም ኣብ 9 ይን 10 ይን ዋዕለ ዝተወጠኑ መደባትን ትግባረኦምን ብምግምጋምን መድረኻዊ ኩነታት ሃገርን ቀዳምነታትን ሃገርና ኣብ ግምት ብምእታውን ዝተመሓላለፈ ውሳነ፡ ህዝባዊ ግንባር ንምሕያል – ምውህሃድ ኩለን ሃገራዊ ውዳቤታት ኣገዳሲ ብምዃኑ – ውዳበ መንእሰያት ህግደፍ ምስ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ይኹን ሃገራት ወጻኢ ዝርከብ ውዳበ መንእሰያት ኣብ ሓደ ሰሚሩ  ኣብ ትሕቲ ምሉእ ውዳበ ህዝባዊ ግንባር ተጠርኒፉ ከነጥፍ፡ ኣብ ምዕባይ ትካላዊ ዓቕሚን ኣወዳድባን ኣበርቲዑ ክሰርሕ፡ ጽዑቕ መደባት ንቕሓትን ውዳበን ከካዩድን ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ንምድኻም ንዝቀላቐል ዘሎ ተጻብኦታት ብንቕሓት ክምከትን  ዝብልን ካልእን ዘጠቓለለ ኢዩ።*

*ኣብ መዛዘሚ እቲ ዋዕላ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ንኹሎምቶም ኣብ ምዕዋትዚ ዋዕላዚ ዝሰርሑ መንእሰያትን ህግደፍ ስዊዘርላንድ፡ ንነውዊሕ ዓመታት ኣብ ማእከላይ ኮሚቴ ክሰርሑ ዝጸንሑ ሓለፍቲን መሓዙት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾኑ ስዊዘላንድን ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ – ዋዕላ ስዊዘርላንድ ምንቅስቓስ መንእሰያት ህግደፍ ናብ ዘተኣማምን ደረጃ ውዳበ ንኽዓቢ በሪ ዝኸፈተ ምዃኑ ገሊጹ።*



*ኣቶ የማነ ኣስዒቡ፡ ምጥርናፍ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኣብ ሓደ ውዳበ ኪካየድ፡ ናይቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ሃገር ወጺኦም ኣብ ስደት ዝርከቡ ብዋርሳይ ዝፍለጡ መንእሰያት ቀጻልነት ውዳበኦምን ተሳታፍነቶምን ኣብ ሃገራዊ ንጥፈታትን ከረጋግጽ ምኽኣሉ ከምኡውን ንመንእሰያት ህግደፍ ዝመርሑ ሓደስቲ ሓለፍቲ ክምረጹ ምኽኣሎም ዋዕላ ስዊዘርላንድ ካብ ዘረጋገጾም ዓበይቲ ዓወታት ከምዝኾነ ብምግላጽ መበል 11 ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ኣብ ጀርመን ኪካየድ ምዃኑ ሓቢሩ።*

*ተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላ ዝኾኑ መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮጳ ብ 19 ሚያዝያ ኣብ ዘካየድዎ ምርጫ ንክልተ ዓመታት እተገልግል – ኣቦመንበር ዝርከቦም ሓሙሽተ ዝኣባላታ ማእከላይ ኮሚቴ መሪጾም ኢዮም።*

*ተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላ ዝኾኑ መንእሰዛያት ከም ዝገለጽዎ: እቲ መስርሕ ምርጫ- ኩሎም ኣባላት መንእሰያት ህግደፍ ዝተሳተፍዎን ንጹር መስርሕ ሕርያ ዝተኸተለን መስርሕ ምርጫን ምንባሩ ብምሕባር ነቲ ዓበይቲ መትከላት ዘለዎን ሓያል ናይ ውዳበ ብቕዓት ዝሓትትን ምንስቓስ መንእሰያት ህግደፍ ናብ ዝላዓለ ደረጃ ውዳበ ከብጽሑ ዝኽእሉ ብቑዓት መራሕቲ መንእሰያት ብገዛእ ርእሶም ኪመርጹ ምኽኣሎም ዓቢ ዝላ ናይቲ ውዳበ ምኻኑ ገሊጾም።*

*ኣብ መዛዘሚ እቲ ዋዕላ ኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ስዊዘርላንድ ደገፎም ንምግላጽ ናይ ድራር እንግዶት ቀሪቦም ኣብቲ ዋዕላ ኪሳተፉ እንከለዉ ሕድሪ ብዝተባህሉ ተመሃሮ ቆልዑ ስዊዘርላንድ ኣብ ኣሰርኩም ኣሎና ዝትሕዝቶኡ ግጥምታን መዛሙርን ኣቕሪቦም።*

ERISWISS
ERITREA CORE OF DIGNITY

[http://www.eriswiss.com/?p=5785](http://www.eriswiss.com/?p=5785)